**ይኣክል ዕንደራ ምሕደራ ሽፍትነት !!**

ማዕጾ ህግደፍ ኳሕኲሕካ መርሓባ ዘይፈልጡ
ገበን ተጎንጒኖም እንዳ ሰመዑ ዘጽቅጡ
ብትዕቢት ተሰርኒቆም ሓጥያቶም ዘጢጡ
ምስ ጸበበት ወዮ መሸንቆቃ ኣዕንቶም ኣፍጠጡ።

ምኽሪ ለባማት ይስንድሑ ለበዋ ሕሩያት
መን ከማና ባሃልቲ መታለልቲ ከዳዓት
መሰንቆ ብርሰት ይቃንዩ ንዕንወት ንጥፍኣት
ሽግ ምልኪ ዓተሩ ብዋጋ ውጹዓት።

ሽዑ‘ዩ ትምቢቶም ተጋሂዱ ጀጋኑ ምስ ሰፈሩ ዒራዒሮ
እምብልታ ኣነነት ተነፊሑ ምስ ተጸልወ ከበሮ
ጎደናታት ኤሪና ጸልሚቱ ምስ ተቀየረ ናብ ጫካ ስንጭሮ
መርበባት ሰለያ ተዋፈሩ ንጹሃት ክሃድኑ ክሓንቁ ጎሮሮ
ደምና መጽዮም  ነዘሑልና ዘይምሕር መንሽሮ።

ብሑዃ ተወጢሖም ነኸሱ ኮረሻ ስልጣን
ሕድሪ ስውኣት ጠለምቲ መርዛማት ኣትማን
ሓርነትና መንዚዖም መረሹ ናብ ባዕቲ ሰይጣን
መንነትና በከልዋ ኣጋንንቲ ሰብ ክልተ ልሳን።

በሎኽ መበሊ ኣይተሳእነን መስሎኽ ትኪ
ዘርዘረቶ ኪታሮዝ መርተያ-ጊላነት ኣብ ኒውዮርክ
ሕቆ ህግደፍ ተገምዐ ረሸሽ በለ ብርኪ
ተራእየ ኣፈኛኦም ከእዊ ኢዱ ሓሊኹ ክበኪ
ዓጀውጀው ኤሪ ቲቪ ዘነጸረ ጨረቃ ፖለቲካዊ ሃልኪ።

ሸበድበድ በሉ ከጥፍኡ ንኽዉን ንሓቂ
እንቃዓ መዊሎም ገንዘብ ኮነ ኪሎታት ወርቂ
ሽሻይና ተዃሕጎሐ ተዓጠቁ ንኽፋእ ንስርቂ
እሕሕ ዝብል ዘየለ ዘእዊ ዋልታ ዝኸውን ተጣባቂ ።

በሎ ተሓተቱ ጉድኩም ተቃሊሑ ዓለም ፈሊጥዎ

ተበርቢሩ ወጸ እከይኩም ብጸልማት ትዓይዎ
ኣይግብርናን ድሕሪ ደጊም ንመን ክትብልዎ
ጭርጭር ዓበደ ኣብቂዑ ሎምስ ዋሓጥዎ።

ናትኩም ደቢቅኩም ሩባ ሰጊርኩም ትጭድሩ
ስለ ወጽዓ ኣህዛብ ዓዲ ጓና ትዓፍሩ ትግዕሩ
ባሕርና ብእመት ብስድሪ ትዕድሉ ዋናን ተባርሩ
ንሰላም ንዕብየት ትፍንፍኑ ንህውከት ተሳውሩ
ቆፎኹም ከተስብሑ ቋሬጣ ክትምእርሩ።

ለባማት ክትመስሉ ትፍትኑ ክትውሕልሉ
ኣበርኩም ተቀሊዑ ሓፋሽ ነቂሑ ተላዒሉ
ትብልዎን ትሰርሕዎን ዘይራኸብ በበይኑ መሳልሉ
ፍግረ ፍትሒ መትከልኩም ተለልዩ ዓለም ኣስሚርሉ።

ክብርና ተደኒሱ ተዘርወ ንሓሳረ መከራ
ቀለብ ዓሳ ኮኑ ዕሸላትና መዐንገል ዝብኢ ኣሞራ
ናውቲ ኣካልና ተመዝሒቑ ተሓሪድና ብካራ
ብንጽል ብጅምላ ተሸጥና ከምዘይብልና ባንዴራ
ስደትን ውርደትን ዕጫና ተጠሊሙ ሓደራ።

ይኣክል በሉ ሕጅስ ይኣክል

ይኣክል እወ ዕንደራ ምሕደራ ሽፍትነት
ብሉጻት በጂና ንራህዋ እፎይታ ቅሳነት
ብልጽግና ዕብየት ብሂግና ክንስነስ ሰቲ ሓርነት
ፈልሲ ፍትሒ ክንኰስኰስ ክትምዕርግ ናጽነት
ናብ ንቡር ክምለስ ኤርትራዊ ሂወት
ናብ ልክዕ ክምለስ ኤርትራዊ ክብረት።

ዓ/ከሪም ( ሱዳን )